# **<u>ኣጀጅጅ...!!! ኣቕሓ ኢልናዮስ ኣላዒልናዮ ይብላ ኣዴታት ኤርትራ!</u>**

**<u>መእተዊ፡-</u>**

ኣብ ቡሩስል ንኤርትራ ብፍላይ፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ኣመልኪቱ ብዛዕባ ዉህደት ናይ ወጻኢ ፖሊስ ሕብረት ኤዉሮጳን ኣመሪካን ኣብ ሰላምን ምርግጓእ፡ ኣብ ዲሞክራሲ ሰብኣዊ መሰላት ንምርግጋጽን ናይ ፖሊስታት ምጥዕዓም ንምፍጣር ዝዝቲ ዓለምለኻዊ ዋዕላ ክካየድ እዩ ምስ ሰማዕኩ፡ ዘይተደልየ ቅድመ-ፍርድታት ብዘይ ምቕማጥ ብኣዉንታ እየ መዚነዮ። ኩሉ ሰብ ክዛረበሉ እንኮሎ እዉን ታህዋኻት ካየሰነፈኒ ኣብ ሰብኣዊ ስምዒታተይን ሚዛናተይን ዕቀበታት ብምግባር፡ ዝተዘርበ ክሰምዕ፡ ዝካየድ ዝነበረ ክትዓት ክካታተልን ዝተጻሕፈን ዝተዘርግሐን ጽሑፋትን ክነብብ ጸኒሐ። እቲ ክዉህለል ዝግባእ ነገራት ስለዝተዋህለለን ኣኻሊ ግንዛቤታት ስለዝጠረየን ሕጂ ሚዛነይን ርእይቶይን ክድርግሖ እየ።

ቅድሚ ኣብ ርእይቶይ ምእታወይ ከመይ ጌርካ ድኣ ኣቀዲምካ ብኣዉንታ መዚንካዮ ኔርካ ዝብል ሓታታት ስለዘይስኣን ክምልሰሉ እየ። ኣዉንታ መምዘንየይ ሓንቲ ቁምነገር እያ ነይራ፡ እንቛዕ ኤርትራዊ ጉዳይ ብደረጃ ዓለምለኻዊ ዋዕላ ኣቃልቦ ረኺቡ ክዝተየሉ ጀመረ እንበር፡ ሕጅስ ሞት ከም ኣዳም! ዝብል እምንቶ ስለዝነበረኒ እዩ። እቲ ዋዕላ ብመን ተዓዲሙን እንታይ ከፍሪ ይኽእል ምስገምገምኩ፡ ኩሉ ኣጋባብ ኣታዓዳድምኡ ምስ ፈለጥኩ፡ ዑድማት ኣብ ጽሑፋቶምን ፈነወ ሬድዮን ኢንተርኔትን ዝብልዎ ዘለዉ ዘረባታት ምስ ሰማዕኩ፡ ኣብቲ ዋዕላ ዝቀረበ ትሕዝቶ ጽሑፋት ምስ ነበብኩ ግን ቕጭታ ስለዘሕደረለይ፡ ከም ዉልቀ ኤርትራዊ ዜጋ ክጽሕፍ ተደሪኺ።

ለንቀነ ከምትፈልጥዎ ኣብ ደገ ብዝነብሩ ኤርራዉያን ዝተኸስተ ፖሎቲካዊ ሓርጎጽጎጻት፡ ኣንነት፡ ባዶሽ- ጽዕዶታት፡ ምድንጋራትን ዘይጉሉጽነት፡ ዋሃ-በልነት፡ ጥልመት፡ ዕሎቃ...ወ.ዘ.ተ ነጸብራቕ ናይ ፖሎቲካዊ ባህልታትናን ማሕበራዊ ሰነኣእሙራዊ ቕኒትና እዩ። ኩሉ ዝተራእየ ክስተታትን ተረኺቦን ድማ ካብ ጉጉይ ፖሎቲካዊ ባህልና ዝነቐለ እዩ። ፖሎቲካዊ ባህልና ካብ ምብሓት ስለዝብገስ፡ ንፍልልያት ኣይጻወርን ኣየሳስን እዩ። እዚ ነፉግ ባህርያት ድማ ነጸብራቕ ናይ ፓትሪያርካዊ ማሕበረ-ምጣኔሃብታዊ ስርርዕ ሕብረተሰብና እዩ። ፓትሪያርካዊ ፖሎቲካዊ ኣእምሮ ንሕብረተሰብኣዊ ዝምድናታትን ርኽክብን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዝወርድ ብመልክዕ ሰንሰለታዊ ጽምዳዊ ኣራኣእያ ሰለዝሰርዖ ብባህርያቱ ኣዕናዊ እዩ።

ሓደ ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ብዝብል ስም ዝፍለጥ ዘይመንግስታዊ ማሕበር ኪኢላታት፡ ንፖሊሲታት ኣዉሮጳዊ ሕብረትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ብምቅርራብ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ክተባባዕ ንምግባር ዝዓለመ ዋዕላ ኣብ ብሩሱል ሃገር ቤልጅም ካብ 9-10 ሕዳር 2009 ዓ.ም.ፍ ክካየድ ምሕሳቡን ምክያዱን ቅድሚኡን ድሕሪኡን ኣዝዩ ኣካታዕን ኣዛራብን ነቲ ናይ ተቃዉሞ ደንበ ነንሕድሕዱ ንትኹላዊ ምትፍናን ኣእትዩ ዛጊት መዕርፎን መኣረምታታት ዘይተገብረሉ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ።

ቕድሚ እዚ ዋዕላ ዕለት ምክያዱ ነቐፌታታትን፡ ዝተፈላለየ ስክፍታታት፡ መዛኻኸርን ስምዕታት ኣብ መራኸቢ ቡዙሓን ተዘርጊሖ እኳ እንተነረ ስማዒ እዝኒ፡ ሓልፍነታዉን ጉሉጽን መልሲ፡ ትዓጻጻፊ ግብራዊ ስጉምቲን ምምዕራይ ኣይተገብረን። ምኽንያቱ እቲ መስኮት ዕድል መሳትፎ ኣብቲ ዋዕላ ምስ ኣዝዮም ጸበብቲን ማሕበራዉን ፖሎቲካዊ ክብደት ዘይብሎም፡ ሽዉሃት ኣንነቶምን ጥበብ ዕሽነቶም ዓሚቕ ዝኾነ፡ ብኽፊል ንማሕበራዊ ኣቓዉማን ህዝቢ ኤርትራ ብግብሪ ዘይኮነ ብጹሑፍ ዝፈልጡ፡ ነብሰ ህቡቡነት ንምጥራይ ዝጽዕቱ፡ ዓሎቕቲ ን ሙሱሉያትን ተታሒዙ ስለዝነበረ፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ክፍጠር ተዋዲዱ ዝነበረ ማሕበራዉን ፖሎቲካዉን ህግፈት ንክይፍጠር ክካናኸንዎ ከሳስይዎን ኣብ ክንድ ምህቃን፡ ብኣንጻሩ እቶም ኣብ ዋዕላ ብራስለስ ዝተሳተፉ "ሲቪካውያን ማሕበራት"፡ ንግለ ነብሶም "ብተጣበቕት ሰብኣዊ መሰላት ዘጠሞቕዋ" ኣቀዲሞም ነቶም ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታትን ካልኦት ንጥፈታት ኣብ ምክያድ መማኽርቶም፡ መሻርኽቶምን መሳርሕቶም ዝነበሩ፡ ከምኣቶም ሲቪካውያን ማሕበራት፡ ተጣበቕት ሰብኣዊ መሰላት፡ ፖለቲካዊ ውድባትን ከምኡ ድማ ማዕሪኡ ነቶም ኣባላትን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን ዝኾኑ ውድባት፡ "ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሃገራዊ ጉዳይ ተረኺቡ ኣሎ 'ሞ፡ ናይ ኩልና ድምጺ ከነስምዕ'ሲ እንታይ ክብሃል ክግበርን ይግባእ ንላዘብ ኣብ ክንዲ ዝብሉ፡ ብኣንጻሩ ንሕና ፈሊጣን ኢና፡ ንሕና ተቃሊስና ኢና በጺሕናዩ ፡ እቲ ጉዳይ ብኣና ጥራይ እዩ ብብቕዓት ክቐርብ ዝኽእል ነይሩ፡ ሳላ ዝጸዓርና ኢና ተሳተፍቲ ናይዚ ኣኼባ ክንከውን በቒዕና፡ ኣብኡ ክትበጽሑ ክትሰርሑን ክትቃለሱን ኔሩኩም፡ ...ወ.ዘ.ተ እንዳተባህለ ብምሽክዕላልን ብባጫን ስለዝመለስሉ፡ በዚ ጊዝየ ክሃስስ ይኽእል እዩ ዘይብሃል ስምብራት ኣብ ማእከል ደንበ ተቃዉሞ ሓዲጉ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ድማ ጽኑዕ ግንዛቤታት ኣዋህሊሉ ኣሎ። ""ኣቦይ ዘይበልካዮ ወደይ ይብል፡ ወደይ ዘይበልካዮ ኣቦይ ይብል"" ከምዝባሃል፡ መን እዩ ከ ወከልትን ኣቕረብትን ሽግራት ኤርትራን ህዝብ ኤርትራ ገይርዎም? መን እዩ ኸ ከም ፈሊጣን ሕብረተሰብ ኤርትራ ቆጺርዎም? ዘይተማህረ እንግሊዛዊ እኮ እንግሊዝ እዩ ዝዛረብ! ሓንቲ ክልተ ገጻት ቅዳሓ ሓሳባት ብቛንቛ እንግሊዝ ጽሒፍካ ስለዘንበብካን ዝመደርካ ዋሃ ዘበለ ልቦናን ኣፍሉጦ ኣሎኒ ዘብል እንተኾይኑ ዕሽነት ጥራይ እዩ?

ብመሰረቱ ጉልጽነትን ንኹሉ ኤርትራዊ ብቐጥታ ወይ ብዉክልና ሽነኻቱ ዝሓቀፈን ዘሳተፈን ስለዘይነበረ፡ ፖሎቲካዉያን ጉጅለታት ኤርትራ ይኹን ዝካታቶሎ ዝነበረ ህዝቢ ሕጽረታት ሓቤሬታ ከምዝነበሮ ክግምገም ይክኣል። ምኽንያቱ ነቲ ብናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ዝብሃል፡ ዘይመንግስታዊ ማሕበር ከካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ዋዕላ ከም ኤዉሮጳዊ ማሕበረ ኮም ዘካይዶ ዘሎ መሲልዎም፡ ንኤዉሮጳዊ ማሕበረ ኮም ዝጻሓፉን ዘሰሙዕን እዉን ኣይተሳኑን። ንመረዳታ ብኣቶ ተወልደ ገብረስላሴ ኣቦ ወንበር ኪዳን ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ክንዉከስ ይክኣል እዩ።

እቶም ኣብቲ ዋዕላ ንክሳተፉ ተዳልዮም ዝነበሩ ኤርትራዉያን እዉን፡ ኣብ ክንዲ ብጡርንፉን ብንጹሩን መብሪሂታት ዝህብሉ፡ ብብወንኖም ብዉልቀ ዝተፈላለየ መግለጺታትን ኣብ ዝተፈላለየ መራኸቢ ቡዙሓን መመኽነይታ ይህቡሉ ስለዝነበሩን ዘለዉን፡ ነቲ ጥርጠራታት ሰማይ ኣዕሪጉዎን ንመንነት እቶም ሰባት ኣብ ዝነጥፉለን ሲቪላዊ ማሕበራትን ሕብረተሰብ ኤርትራን ኣብ ሕቶ ምልክት ኣእቲዎም እዩ። እሾኽ ንሓጻሪኣ እያ መጀመርታ እቲወግአ። ከምኡ ስለዝኾነ እቲ ሓቂ ቀዳመይ ጉድኣት ኣብ ርእሶም ወሪዱ ከምዘሎ ክፍለጥ ኣለዎ። ኣብ ፖሎቲካዊ ዉሳኔን ንጥፈትን ሓንሳብ እንተተጋጊኻ ኣብ ታሪኽን ሂወትካን ንዘላለም ነባሪት ድማ እያ። ንምዕራያ ድማ ነዊሕ ጊዝየን ጽዓት ዝሓትት ጻዕርታት ዝጠልብ እዩ።

## <u>1.ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ዝብሃል፡ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እንታዋይ እዩ? እንታይ ከ ክጻሉን ከተግብርን ይኽእል?፡-</u>

እዚ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዚ ከም ነብስወከፍ ዘይመንግስታዊ ማሕበራት ኣብ ምዕራብ ሃገራት፡ ንዘሎ ሲቪላዊ ሕግታትን መሰላትን ተጠቂመን ዝቖማ ኣብ 2003 ኣብ ከተማ ቡሩሱል ሃገር ቤልጅም ዝቆመ ማሕበር እዩ። መንነቱ፡ ተልእኾታቱ፡ መሻርኽት ስሩሑ፡ ንሱ ዘጽንዖም መጽናዒታትን ዝጻሓፎም መጽሓፍትን፡ ዘካየዶም ንጥፈታት ...ወ.ዘ.ተ ንምፍላጥ ዝድለ እንተኮይኑ ድማ ብቀጥታ ኣብ መርበብ ሓቤሬቱኡ ኣቲካ ክንበብ [http://www.eepa.be/wcm/mos/Frontpage/Itemid,1/](http://www.eepa.be/wcm/mos/Frontpage/Itemid,1/) ይክኣል እዩ።

ኣብ ምዕራብ ዓለም ካብ 5 ሰባት ንላዕሊ ኬንካ ሲቪላዊ ማሕበራት፡ ናይ ምትሕግጋዝ ማሕበራት፡ ዘይመንግስታዊ ማሕበራት...ወ.ዘ.ተ ንምቛምን ምንጣፍን ኣዝዩ ልሙድን ቀሊልን እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣሽሓት ሲቪላዉን ዘይመንግስታዉን ማሕበራት ኣለዋ። ስለዘለው ግን ኩለን ማዕረ ይሰርሓ፡ ማዕረ ተፋላጥነትን፡ ማዕረ ገንዘባዊ፡ ሞራላዊን ነገራዉን ምንጭታት ኣለወን ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ኩለን እንተሰሪሔን ከም ዘካየድኦ ንጥፈታት ዉጽኢታትን ተገምጊሙ ብዘለዉኦ ሃገር መንግስት ገንዘባዊ ድጎማታት ይግበረለን እዩ። ንጥፈታተን ዝያዳ እንዳዓበያ እንዳዓሞቐ እንደሰፍሔን ኣብ ዝኸደሉ እዋናት ድማ፡ ብደረጃ ሃገር፡ ዞና፡ ክፍለዓለም፡ ዓለምለኻዊ ንጥፈታትን ዝምድናታትን ይፈጥራ እሞ፡ ካብ መንግስት ሃገረን ሓሊፈን ምንጭ ገንዘባዊ ሓገዛተን ካብ ዓለምለኸ ሃገራት ይድጎማን ይምወላ። ስለዚ እዚ ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ዝብሃል ዘሎ ዘይመንግስታዊ ማሕበር ብኽምዚ ዝቆመን ዝድጎምን ዝምወልን ቤርገሳዊ ትካል እዩ። ንእቶቱ ንምኽዕባት እቶም ኣባላት እቲ ማሕበር ናይሓባር መጽናዕቲታት ኣጽኒዖም፡ መጽሓፍቲ ጽሒፎም ፡...ወ.ዘ.ተ ክሸጡን ክልዉጡን እዉን ይኽእሉ። ስግኡ እዉን ገለ ዘድሊ መጽናዕታት ምስ ብቕዓታት ኣባላቱ ተዛሚዱ፡ ንዉልቃዉን መንግስታዉን ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ኣጽኑዑልና ተባሂሎም ክሕተቱን፡ ኣጽኒዖም ድማ ዓስቢ ክእሎቶምን ስሮሖምን ድማ ይኽፈሉ ማለት እዩ።

እዚ ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ማሕበር ከምዚ ኣብ ላዕሊ ብሕጽር ብዝበለ መንገዲ ከም ዝጣሕመስክዎ ባህርያት፡ ምንጭታት፡ ንጥፈታት...ወ.ዘ.ተ ካብ ኮነ፡ ኣካል ናይ ሃገረ ቤልጅም ወይ ኤዉሮጳ ማሕበር ኮም መዋቕራዊ ትካል ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ከም ነብስወከፍ ቤርገሳዊ ትካል ኣብ ዉሽጥ ሕብረተሰብ ቤልጅም ብፍላይ፡ ኣብ ዉሽጥ ሕብረተሰብ ክፍሊ ዓለም ኤዉሮጳ ኣብ ጋድማዊ ዝምድናታት ዝሰራዕ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዩ።

እዚ ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ማሕበር ዝምድናታቱ ብሕጋዊ መልክዕታቱ ጋድማዊ ዝምድናታት ዘለዎን ዝሰራዕን እዩ ካበልክዎ፡ ኣብ ትኹላዊ ዝምድናታት ርኽኽባት ወይ ቀሌቤታት ብደረጃ ማሕበር ወይ ብደረጃ ዉልቀ ኣባላቱ ክህልዎም ይክኣል እዩ። ኣብዚ ዝተሓላለኸ ሰኪዔት ዓለምና ቡዙሕ ነገራት እዩ ዝግበር።

ነዚ ንምልላይ ድማ ፖሎቲካዊ ኣሳራርሓን ኣጋባብ ዝምድናታት ምዕራብ ኤዉሮጳ ምፍላጥ ከድሊ ስለዝኾነ ኣብ ዝቕጽል ሕጥበ ጽሑፈይ ኣሕጽር ኣቢለ ከመልከት እየ።

እዚ ማሕበር እዚ ምስቲ ዝነብሩሉ ዘለዉ ሃገር ኣባላት ሓገግቲን ፈጻምትን ኣካላት መንግስት ቤልጅም ወይ ኤዉሮጳዊ ማሕበረ ኮም ዝምድናታት ዘለዎም ወይ ጸለዉትን ተጸለዉት፡ ወይ ኣስማዕትን ተሰማዕት...ወ.ዘ.ተ ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ከይኮኑ ይኽእሉ።

እዚ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዚ ከም ንጡፍ ማሕበር ክሰርር መታን ብዉሑዱ ኣብ ዓመት ሓደ ግዝየ ሰሚናር፡ ዋዕላ፡ ጽሑፋዊ መግለጺ ወይ ካልእ ኣቃልቦ ሰባት፡ መንግስታት፡ መራኸቢ ቡዙሓን ዝስሕብ ንጥፈታት ከካይድ ስለዝግባእ፡ ገለ ነገር ክገብር ኣለዎ። ክገብር እንተኾይኑ ድማ ኣዒንት ዓለምና ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ዝጥምተሉ ዘሎ ዛዕባ፡ ቦታ፡ ክስተታት፡ ዓለም ደልዩ ክረክብ ስለዘለዎ፡ ነዚ ሃልሃልታ እቶን እንዳተጓሃሃረ ዝኸይድ ዘሎ ኲነታት ቀርኒ ኣፍሪቓ መሪጾም፡ ሎሚ ዓመት ብዛዕቡኡ ዋዕላ ኣሳናዲኡን ኣካይዱን ኣሎ።

ናይ ግድን እዩ ኣብቲ ዝካየድ ዋዕላ ግዳይ፡ ዝንኣድ፡ ዝሕብሓብ፡ ዝዉሰን ዉሳኔታት፡ ምሕጽንታታት፡ ጽዕዶታት ክህሉ። ዝኾነ ቃልስታት ናይ ረብሓ ሕቶን ረብሓታት ንምርግጋጽ ዝካየድ ስለዝኾነ፡ ኲሉ ዕማምን ቃልስን እቲ ዋዕላ ቀዳምነት ረብሓታት ምዕራብ ንምርግጋጽ ኮይኑ፡ ነቲ ዝራጋገጽ ረብሓታት ንምትግባሩ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሃገራት ተዛማዲን ዝተጣዓዓመ ፖሎቲካዊ ሜላታት ንምንዳይ ሃንቀዉትኡ ዘስረበ ከም ዝነበረ ክስሓት ዘይብሉ ቀንዲ ዕላማ እዩ።

**<u>2.ፖሎቲካዊ ኣሳራርሓን ኣጋባብ ዝምድናታት ምዕራብ ኤዉሮጳን ኣመሪካን ከመይ ይሰርሕ?</u>**

ኣብ ፖሎቲካዊ ኣሳራርሓን ኣጋባብ ዝምድናታት ምዕራብ ኤዉሮጳን ኣመሪካን ኣዝዮም ዝተጣናነጉ ሰኪዔታት ኣሳራርሓን ኣጋባብ ዝምድናታት ኣለዉ። ኣብ ዉሽጥ ነብሰወከፍ ሃገርን ክፍሊዓለምን ኣብ ቀጻልነት ምርግጋጽ ረብሓታትን ሓድሽ ዓለማዊ ምሕደራ ዝተመርኮሰ ሕጋዉን ዘይሕጋዉን ምሕደራዊ ቅርጻታትን ዝምድናታትን ኣሎ። ብኸምዚ ዝስዕብ ድማ ክግለጽ ይከኣል።

1.ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት (secret societies)

2.ዕላዊ ቬርጌሳዊ ዕልማናዊን ዲሞክራስያዉ መንግስታት እየን። ኣጋባብ ኣሳራርሕኦምን ዝምድናታቶምን ብዝርዝር ንምግላጹ ኣዝዩ ጋሕታንን ዓሚቕ ስለዝኾነ ንነባባይ መወከሲታት ተጠቒሙ ባዕሉ ክፍትሾ ሓላፍነት ኣሰኪመ ክሓልፎ እኳ እንተወሰንኩ፡ ነቲ ከቢድ ሚዛን ዘለዉ ብሓፈሻ ክገልጾ ክፍትን እየ። እዞም ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ዝባሃሉ ካብ ጥንቲ እንዳተማሓላለፈን እንዳተዋራረሰን ዝመጸ ዉሁሉል ፍልጠትን ብልሕን ዘለዎም ኣካላት ሕብረተሰብ ምዕራብ ዓለም ኮይኖም፡ ነቲ ዝነብሩሉ ሕብረተሰብን ህዝቢ ዓለምን ብብልሖም፡ ብሃብቶም፡ ብማሕበራዊ ቀጸላዊ ክብደቶም፡ ብዘለዎም ተራ፡ ብዉዲታዊ ክልሰሓሳቦም ብስዉር ብድሕሪ እቲ ዕላዊ ቬርጌሳዊ ዕልማናዊን ዲሞክራስያዉ መንግስታት ኮይኖም ንዓለም ዝመርሑ ሕቡኣን ጉጂለታት እዮም። ገሊኦም ሚኒስተራት፡ ገሊኦም ፕረሰደንታት፡ ገሊኦም ቀዳሞት ሚኒስተራት፡ ገሊኦም ወነንት ዓበይት ናይ ኣጽዋርን ካልኦት እንዲስትሪታት፡ ገሊኦም ወነንት ዓበይትን ዓለምለኻዊ ናይ ንግዲ ትካላት፡ ገሊኦም ፈጸምቲ ኣካላት ዓለማዊ ባንክ፡ ገሊኦም ፕሮፌሰራትን ሓንጸጽቲ ፖሊሲታትን፡...ወ.ዘ.ተ እዮም። ስለዚ ዝዓበየ ዓለምለኻዊ ምሕደራዊ ትእዛዝን ፖሎቲካዉን ምጣኔ ሃብታዊ ሜላታትን ኣብ ዓለምና ክሕንጸጽን ክወጽእ እንኮሎ፡ በዞም ዝጠቀስክዎም ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ዝዉሰን እንበር፡ በዞም ኣብ ቡሩሱል ተኣኪቦም ኣቀዲሙ ብካልኦት ሰባት ዝተባህለን ዝተጻሕፈን ዝተፈልጠን ነገራት ብቛላቶም ጽሒፎም ከካማስዑ ዝቀነዩ ከምዘይኮነ ብንጹር ክፍለጥ ዘለዎ እዩ።

ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ኣጽፋሮም ኣብ ኲሉ መዳያትን ሂወት ወዲሰብ ዓለምና ዝሸኸሉ እዮም። ንወዲሰብ ብድሕሪ መጋረጃ ኮፍ ኢሎም ንኣህላኸን ጊልያን ዝቀየሩ ኮይኖም ምስ ምምዕባልን ምስፉሕን ሓንጎል ወዲ ሰብ ድማ ብልሓት ኣጋባብ ኣሳራርሕኦም 50 ዓመታት ብዉሑድ ንቕድሚት ዝኣመተ ኣዝዩ ረቂቕን ሙዕቡልን ዉጥናትን መደባትን እዮም ዘርቁቑን ዝትግብሩን። ነቲ ንሳቶም ዘርቀቕዎ ዉጥናትን መደባትን ድማ ብመንገዲ ዘይመንግስታዊ ማሕበራት፡ ብመገዲ ኣማኸርት፡ ብመገዲ ናይ ፍሉይ ረብሓታት ጉጂለ፡ ብመንገዲ ተወከልት ሕጋዉያን መንግስታት፡ ብመገዲ ኮምሽናት፡ ብመንገዲ መራሕቲ ሃገራት፡ ብመገዲ ናይ ግብረሰናይ ማሕበራት...ወ.ዘ.ተ ኮይኖም ድማ ይነጥፉሉን የተግብርዎን። ተግበርቲ ናይ ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ረቂቕ ዉጥናትን መደባትን ኣዝዮም ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ኣባላቶም እኳ እንተኾኑ፡ መብዛሕትኡ ግን ካይፈለጠን ቁኑዕ ንረብሕኡ ዘራጋግጽ መሲልዎ ዝግብርን ዘተግብርን እዩ። ዘይሩ ዘይሩ ግን ረብሓታት ናይቶም ዉሑዳት ኣባላት ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ዘራጋግጽ እዩ።

ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኸርቲ (EEPA) ኣካል ናይቲ ኣብ ኤዉሮጳ ኾይኖም ዝነጥፉ ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ከም ብዓል ቢልደርበርኽ (Belderberg) ናይትስ ኦፍ ማልታ (Knights of Malta)...ወ.ዘ.ተ ክኸዉን ወይ ከይከዉን ይኽእል።

ኣብ ሓንጎል ነባቢ ቡዙሓት ሕቶታት ክልዓሉ ይኽእሉ እዮም። እሞ ከምኡ እንተኾይኑ እቲ ሓድሽ ዓለማዊ ትእዛዝን ምሕደራን ኣጋባብ ኣሳራርሓን፡ ምቕላስን ዋዕላታት ምክያድ ትርጉም የብሉን ማለትካ ድዩ? ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ክልዓል ይኽእል እዩ። መልሰይ ኣይፋሉን! ምቕላስን ዋዕላታት ምክያድን ኣገዳሲን ክግበር ዝግብኦን እዩ። ምኽንያቱ ነተን ዕላዊ መንግስታትን ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ከም ናይ ጸቕጢ ሓይሊ ኬንካ ኣብ ልዕሊ ፖሊሲታተንን ኣራኣእየእን ጸቕጥታት ስለትገብሮም ንዝሓንጸጽዎ ፖሎቲካዊ ሜላታት ረብሓታቶም ዘማእከለ ለዉጥታትን ዳግመ ግምታት ክገብሩ ስለዝግድድ እዩ።

እቲ ዕላዊ ቬርጌሳዊ ዕልማናዊን ዲሞክራስያዉ መንግስታት ከ እንታይ ግደ ክጻወት ይኽእል ንዝብል ሕቶ ንምብርሁ ድማ ዕላዊ ኩሉ ጊዝየ ዕላዊ እዩ። ዋላእኳ እቲ ዕላዊ መንግስት ብዉዲታት፡ መምሪሒታትን ሕንጹጽ ፖሎቲካዊ ምጣኔሃብታዊ ሜላታት ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ዝጽሎን ዝኸይድን እንተኾነ፡ እቶም ብህዝቢ ተወኪሎም ኣብ ሓጋግን ፈጸምትን ፖሎቲካዊ ቕርጻ መንግስት ዘለዉ ኣባላት ፓርላማ ኣብ መንጎ እቲ ህዝብን ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ኮይኖም ብሓያል ቃልስታትን ድምጽታትን ተጠቂሞም ንዉዲታዊ ፖሊሲታት ሕቡኣን ሕብረተሰብኣዊ ማሕበራት ከፍርስዎ እኳ እንተዘይክኣሉ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ስለዘእትዉዎ፡ ኣብ እንካን ሃባን ከምዝኣትዉ ገይሮም ሃገሮምን መንግስቶምን ዝደለይዎ ፖሎቲካዉን ምጣኔሃብታዉን ፖሊሲታት ከጽዱቑን ክሕንጹጹን ዘኽእል ባይታታት ስለዘለዎም እዩ። ኩሉ ጊዝያት ለዉጢ ናይ ፖሊሲታት ለዉጢ ናይ ኣራኣእያታ ሓገዛት ኣብ ተናድየሉ እዋናት ንኣባላት ፓርላማ ዝኾነት ምዕራባዊት ሃገር ከተእምንን ክትሕዝን ኣሎካ ማለት እዩ።

ብታራ ኣዛራርባ ንምግላጹ፡ ንኣብነት ኤርትራዉያን ኣብ ዚ እዋናት እዚ ጸገም ብሰንኪ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣሎና። ብቀንዱ ናይ ጸገምና ምፍታሕ ሕቶ ዕማም ኤርትራዊ ጉዳይ እዩ። ኤርትራዉ ጉዳይን ብኣና ዝፍታሕ ጉዳይ ከንሱ፡ ዓለምለኻዊ ፖሎቲካዊ ምጣኔሃብታዊ ዲፕሎማስያዊ ጸቕጥታት ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ መታን ክገብሩን ነቲ ተጻይ ወገናት መታን ነገራዊ፡ መንፈሳዊ፡ ሞራላዊን ዲፕሎማስያዉን ደጌፌታቶም ከምጥዉ መታን ነብስወከፍ ኤርትራዊ ኣብታ ዝነብረላ ሃገር ምዕራብ ዓለም፡ ጉዳይና ኣቃልቦን ዉሳኔን መታን ከረክብ ብዉሑዱ ንሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ሰባት ኣባላት እታ ዝነብረላ ሃገር ፓርላማ ከእምንን ክሽምትን ኣለዎ። እዞም ኣባላት ፓርላማ ዛዕባ ብዛዕባ ኤርትራ ኣብ ሕጋዊ መጋባእያታቶም ክልዓል እንኮሎ፡ ልክዕ ከም ኣካላት ህዝቢ ኤርትራ ኮይኖም ጸገማት ህዝቢ ኤርትራ ነት መጋባእያ ፓርላማ ከእሙኑ ስለዝኽእሉ እዩ። ፓርላማ እንተኣሚኑ ድማ ከም ዉጽኢቱ ዝተፈላለየ ሃናጽን ኣፍራይን ስጉምትታት ክስዕብ ይኽእል እዩ።

ከመይ ጌርካ እሞ ኣባላት ፓርላማ ክትሽምቶምን ክተእምኖምን ትኽእል ዝብል ሕቶ ክልዓል ምኻኑ ዘጣራጥር ጉዳይ ኣይኮነን። ተኽእሎታት ወትሩ ህሉዉ እዩ። ጥራይ ትመርጾ መካንዚም እዩ ናብቲ ትደልዮ ዕላማ ከብጽሕ ዝኽእል። ካብቶም ክንጥቀመሎም እንኽእል መካኒዝማት  ንምጥቃስ ዘድለ እንተኾይኑ፡-

1. ኣብቲ እንነብረሉ ዘሎና ሃገራት ኣብ ዝካየድ ናይ መሰረታት ምንቕስቓስን ሰልፍታትን ምእታዉ ጋድማዉን ትኹላዉን ዝምድናታትና ምስፋሕ። በዚ ኣቢልና ጉዳይ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ዝላዓለ ኣቃልቦ ከምዝስራዕ ምግባር።

2. ኣብቲ እንነብረሉ ዘሎና ሃገራት ንኣዝዮም ንጡፋትን ህቡባትን ኣባላትን መራሕትን ናይ መሰረታት ምንቕስቓስን ሰልፍታትን እንዳረኽብና ጸገማትና ምግልጽን ምእማኖምን።

3. ኣብቲ እንነብረሉ ዘሎና ሃገራት ናይ ከባቢ እቲ እንነብረሉ ከተማ ወይ ገጠር ተወከልቲ ህዝቢ ዝኾኑ ሰኔተራት ኣባላት ፓርላማ እንዳተራኽብና ምግላጽ።

4. ኣብቲ እንነብረሉ ዘሎና ሃገራት፡ ንኣባላት እቲ ፓርላማ ኣዝዩ ሓቐኛ ፖሎቲካዊ ክብደት ክዉሃቦ ዝኽእል ኣዝዩ ገላጺ ማራኺ ቁርጡዉ መዘክራት እንዳጽሓፍና ምልኣኽ ...ወ.ዘ.ተ እዩ።

ዝኾነ ጉዳይ ተሰማዕነትን ክብደትን ክህልዎ ብጥምረትን ሓደ ድምጽን፡ ካብ ታሕቲ ነቂሉ ናብ ዝላዓለ ጥርዚ ክበጽሕ እንኮሎ እዩ። ምኽንያቱ ካብ መሰረታት ወይ ህዝቢ ይነቕል ስለዘሎ፡ ሕቶ ህዝቢ ሓያል ጸቕጢ ስለዝፈጥር፡ ዝላዓሉ ሰብመዝታት ናይቲ ሃገር ፍትሓት ከናድዩ ሃሰዉሰዉ ክብሉ ስለዘገድዶም እዩ።

ብተናጸልን ብዉልቕን ዝግበር ጻዕርታት ምናልባሽ ክሳብ ትፍለጥ ኣዳናጊርካ ንሰባት ሓደ ሓደ ስራሓት ወይ ዓወታት ከተመዝግብ ትኽእል ትኽዉን፡ እንተመዝገብካ እዉን ኣብ መሰረታዊ ሂወት ህዝብን ሃገርን ለዉጢ ዘምጽእ ዘይኮነ ኣብ ዉልቕታት ጥራይ ዝተሞርከሰ እዩ። ድሕሪኡ ግን ኣግኣዚ ሕቶን ጉዳይን ክልዓል እንኮሎ ድምጺን ዉክልናን ህዝቢ ስለ ትሕተት ከምዛ ኣብ ምድረበዳ ንበይና ዝጠፍኤት ጤል ኼንኳ ኢኻ ትተርፍ። ዉልቃዊ ተቦጉሶታትካ ድማ ኣብ ክንዲ ሃናጺ ኣዕናዊ ይኸዉን። እቲ ዝኸበደ ሳዕቤኑ ካብ ህዝብኻ ክገጥመካ ዝኽእል ተነጽሎን ገብረ-ገብነታዊ ክዕበትን እዩ።

**<u>3.ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኽርቲ (EEPA) ዝዓደሞን ዝመወሎን ዋዕላ ቡሩሱል እንታይ ዕላማ ነይርዎ፡ እንታይ ቁምነገር ከ ገይሩ? ዉሳኔታቱ ክትግበር ዶ ይኽእል?</u>**

**<u>ዕላማ</u>** እቲ ዋዕላ ብሓፈሻ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ድማ ንኤርትራ ሕቶ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላት ንምፍታሕ ዘተኮረ እኳ እንተነበረ፡ ዕላምኣ ሓንትን ንጽርትን እያ ነይራ፡  ከመይ ጌርካ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ሕቡራት ኣመሪካን ሕብረት ኤዉሮጳን ዝተጣዓዓመን ሓደ ይኸዉን ንቐርኒ ኣፍሪቃ ሃገራትንምድህሳስ ዝሓለነት እያ ነይራ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኩሎም ካብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኤዉሮጳን ኣመሪካን ተሳቲፎም። ኩሎም ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፉ ኣባላት ዋዕላ ፖሎቲካዉን ማሕበራዊ ክብደት ዘለዎም፡ ሓንጸጽት ፖሊሲታት ወይ ንክትግበር ከገድድ ዝኽእል ባይታ

ወይ ከብደት ዘለዎም ድዮም? ካብቶም ኣብኡ ዝተሳተፉ ኤርትራውያን ዘለኒ ኣፍልጦ ብምንቃል ኣይመስለንን! የግዳስ ዋዕላ ተኻይዱ ኣሎ፡ ኣብዚ ዋዕላ እዚ ገሊኡ ነቲ ዕላማ ዋዕላ ተረዲኡ ንዕላማ ዝበቕዕ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዘዳለወ ኣሎ፡ ገሊኡ ድማ ዕንጣጢዕ ንዘርእ ኣለና ዝኾነ ኣሎ። ዋዕላ ድሕሪ ምፍጻሙ ድማ ናይ ግድን እዩ ዜናዊ መግለጽን ደምዳሚ ሓባራዊ ኣዋጅ ከዉጽኡ።

**<u>ዋዕላ ቡሩስል እንታይ ቁምነገር ከ ገይሩ?</u>** ንገለ ብሕልሚ ለይት ጠስሚ ዝጸቡሑ ሰባት፡ እዚ ዋዕላ እዚ ቁምነገር ክህልዎ ባህግታቶም ኣዝዩ ሪሕብን ዓሚቑን ከኸዉን ከምዝኽእል ፍሉጥ እዩ። ገሊኦም ድማ እንቃዕ ተጀመር እንበር ኣራፊድና ነርክበሉ ዝብሉ ኣይከሳኣኑን እዮም። ገሊኦም ድማ ከምዚ ዓቢ ዓወት ከምተኻየደ ክመስሎምን ክገልጽዎን እዮም። ገሊኦም ድማ ተሳተፍነት ስለዝነበርም ነቲ ካብ ምዕዳሙ ጀሚሩ ክሳብ መጨረስትኡ ጉጉይን ተሃዋስን ኣጋባባት ኣካይድኡ ክካላኸሉን ቁኑዕ ነይሩ ክብሉ ክጭድሩ እዮም። ገሊኦም ድማ ብዘይምዕዳሞምን ብዘይምስታፎምን ካብ ቅንእታትን ነብሰ ሕንከታት ነቂሎም ቡሁል ዘይቡሁል ዝዝረብ ዘይዝረብ ክዛረቡን ክጽሑፉን እዮም። እንተኾነ ከም ዋዕላ መጠን ሓድሽ ዝገበሮን ዘምጽኦን ቁምነገር የሎን። ምኽንያቱ ዋዕላ ተኻይዱ ኣብ መጨረሽታ እቲ ጉዳይ ናባና ናብ ኤርትራዉያን ከንተግብሮ እዩ ዝምለስ። ዘተግብርን ዘሰርሕን ጥርናፌን ሓድነትን ድማ የብልናን።

ካልእ ነቲ ኣቀዲሙ ኮምሽን ዶብ ኢትዮ-ኤርትራ ዝወሰኖ ወሳኒን ቀያድን ዝብል ናይ ምሕንጻጽ ዶብ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነት ክትግበር ጸዊዑ። ይጸዉዕ ኣይጸዉዕ ድማ ብባህርያቱን ብዝተገብረ ስምምዕ ኣብ መንጎ መንግስት ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ዉሳኔ ኮምሽን ዶብ ወሳኒን ቀያድን ከኸዉን ስለዝተሳማሙዕሉ ዘምጾ ፍልልያት ወይ ለዉጢ የሎን። ምኽንያቱ መንግስታት ኣመሪካዉያን ይኹኑ ኤዉሮጵዉያን ነቲ ዉሳኔ ክልቲኡ መንግስታት ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነት ክተግብርዎ እኮ ኣብ መራኽቢ ቡዙሓንን ኣብ ዕላዊ ዓለምለኻዊ መጋባእያታት ይጽዉዑ እዮም። የግዳስ ብዉሽጥ ዉሽጥ ድማ ንመንግስት ኢትዮጵያ ንኸየተግብሮ ዘታባብዑን ዝመኽሩን እዮም። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ መጽሓፍ ጀን ቦልተን ኣምባሳደር ኣመሪካ ንሕቡራት ሃገራት ዓለም ዝነበረ ጽሑፍን፡ ካብ ኣብ ዝተፈላለየ መራኽቢ ቡዙሓን ጃንዳይ ፍረዜር ተተንብሆ ዝነበረት ክራጋገጽ ይክኣል እዩ። ሰለዚ ዓቢ ገታኢ ታኮ ሓያላን ሃገራት እንኮሎ እንታዎት እዮም እዞም ኣብ ቡሩስል ዝተኣከቡ ክተግብርዎ ወይ ክዕንቅጽዎ? ዘረባ ምእንቲ ዘረባ፡ ምኻድ ምእንቲ ምኻድ ጥራይ ምኻኑ እዩ።

እቲ ቁሩብ ዝተሓሳሰብ ኣብ ዋዕላ ቡሩስል፡ ኤርትራዉያን ሒዘሞ ክቀርቡ ዝግብኦም ትሕዝቶ ብዘይምቕራቦም እዩ።ንመረዳእታ መታን ከኸዉን ምሕንጻጽ ጉዳይ ዶብን ዉሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ምፍታሕ፡ ሽግራት ህዝቢ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ምንጻል ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ህዝቢ ዓቢ ግደ ክጻወት ከምዝኽእል እንዳተፈልጠ ከንሱ፡ ኣብ ክንዲ በቶም ኣብኡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘቕረቡ ናይ ኤርትራ "ፈሊጣን፡ ሊቃዉንት" ኢና ዝብሉ መደርት ዝቀርብ፡ ከም ሓሳብ ብDan Connell ቀሪቡ። Dan Connell ድማ ኣመሪካዊ ከንሱ ብሓንሳን ነቶም ኣብቲ ዋዕላ ዝነበሩ ኤርትራዉያንን ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኤርትራዊ ሃገርነት መንጢሉዎም። ኣገናዕ !!! Dan Connell ።

ቀጺሉ ን ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብዝገብሮ ዘሎ ኢሰባዊ ምክንያታት ክንጸልን ልዕሊኡ ድማ ዝተነጸረ-ብልሒ ዘለዎ ፖሎቲካዉን ምጣኔሃብታዉን እገዳታት ንክግበር ኤርትራዉያን ክጉስጉሱ እንከለዉ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ነርወይ ነበር Kjell Magne Bondevik ምልካዉያን ወትሩ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣኖም ንክቅጽሉ ንነብሶምን ህዝቦምን ኣብ ተነጽሎ ካብ ማሕበረተሰብ ዓለም ከእትዉዎ ስለ ዝደልዩ፡ ንኤርትራ ኣብ ክንዲ ንንጽላ ኣብ ናይ ፖሎቲካዊ ዜተ ጽምዶ ከነእትዋ ኣለና ክብል ድሕሪ ምምድራሩ ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብምኽንያት ልዕላዉነትን ምሕንጻጽ ዶብን ኣመኽንዩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ኣኢሰብኣዊ ተግባራት እዉን ብትሪ ነቂፉ። ኣቀዲሙ ገና ተማሃሮ እንከሎዉ ኣብ 1960 ታት ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ነዚ ናይ ሎሚ ፕረሲደንት ኢሰያስ ዝፈልጦ እኳ እንተኾነ፡ ብዝያዳን ተጋዳላይን መራሕን ምስኾነ Dan Connell & Kjell Magne Bondevik ንፕረሲደንት ኢሰያስ ከም ሰብ ባህርያቱ ፖሎቲካዊ ጡማሓቱን ጽቡቕ ገይሮም ዝፈልጥዎ፡ እቲ ብወገኖም ዝቀረበ ፍታሓት ምስ ናይ ክልቲኦም ርእይቶታት ብወገነይ ይሳማማዕ እየ።

ሓደ ዋዕላ ዉሳኔታትን ደምዳሚ መግለጺ ከዉጺ እንኮሎ ንዘልዓሎ ዛዕባን ንዝተዘርበሉ ነጥቢታት እዩ ዝምዝግብ እንበር፡ ነዚኣ ነጥቢ ንክንጽሕፉ ነድምጸላ ተባሂሉ ዝሓልፍ ዉሳኔ ስለዘይኮነ፡ ነብስወከፍ ዛዕባ ዘልዓላ ሰብ ክምንሰላን ከንየተላን ይግባእ። ስለዚ ኣብ ዋዕላ ቡሩስል ዝወጸ ዉሳኔታትን ምሕጽንታትን፡ ኣብቲ ዋዕላ ዝተላዕለን ዝተዘርበሉን እንበር ብሙሉኡ ኣባላት እቲ ዋዕላ ስለ ዝተሳማምዕሉ ኣይኮኑን ኣይነበረን።

ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ሕቶ፡ ናይ ኤርትራ ህዝቢ ኤርትራን ማዕረ ክንደይ ብናይ ምዕራባዉያን ፖሊሲታት ከምታሃሰየት ሕቶ፡ ናይ ኣብ ፖሎቲካዊ ጽምዶ ናይምእታዉ ሕቶ፡ ናይ ንትቃዉሞ ብኸመይ ኣጋባብ ምስታፍን ምሕጋዝን ሕቶ...ወ.ዘ.ተ ብወጻእተኛታት ዝቀረበ ሓሳባት እንበር ብተሳተፍት ኤርትራዉያን ዝቀረበ ኣይነበረን። ስለዚ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ጉዳይ ሃገር ኤርትራን ኤርትራዉያን እቶም ንንብሶም "ንሕና ኢና ቡቑዓት ጉዳይ ኤርትራ ናብ መጋባእያ ዓለም ከንቕርቦ እንኽእል" ኢሎም ዝጽዕዱ፡ ኣብ ፍጻም ምክልኻልን ሕፍረታትን ተሸሚሞም ከምዝነበሩ ዘራጋግጽ እዩ።

ንምዕራባዉያን ሕቶ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላት ከተስተምህሮም ምፍታን ከምዚ ንኑብስኻ ጹሉል ምስራሕ እዩ። ምዕራባዉያን ልዕሊ እቶም ኣብቲ ዋዕላ ተሳቲፎም ዝነበሩ ኤርትራዉያን ን ሕቶ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላት ይርድኡ፡ ነቲ ስርዓት ከምጽፍሪ ኣእዳዎም ይፈልጥዎ፡ መዓልታዊ ኣብ ኤርትራ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ይፈልጡ፡ እንታይ እዩ እቲ ጸገማት መን እዩ እቲ ጠንቂ ንዘይምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቓ ዝግንዘቡን እዮም። ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኸርቲ (EEPA)፡ ሕብረት-ኤሮጳን ኣመሪካን ኣብቲ ዋዕላ'ቲ ክርእይዎን ክዕዘቡዎ ዝደለዩ ቁምነገር ክህሉ ከምዝኽእል ዘጣራጥር ጉዳይ ኣይኮነን። ነቲ ናይ ኤርትራ ተጻይ ደንበ ሽግራቱን ዝምድናታቱን መግለጺ ባይታታት ካብ ፈጠሩሉ፡ ካብኡ ዝጽበይዎ ነገራት ከምዘሎ እዉን ፍሉጥ እዩ። እንታይ ክኸዉን ይኽእል ትጽቢታቶም ዝብል ሕቶ ክልዓል ስለዝኽእል ጥቆማታተይ ከምዚ ዝስዕብ ትጽቢታት እዩ ይብል፡--

1.ማዕረ ክንደይ ሓደነት ተጻይ ደንበ ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ሱሙሩን ስጥሙን እዩ፡

2.ማዕረ ክንደይ ንቕሓትን ብቕዓትን ኣለዎ፡

3.ማዕረ ክንደይ ኣማራጺ ወይ መተካእታ ስርዓት ህግደፍ ንክኸዉን ብቕዓት ኣለዎ፡

4.ማዕረ ክንደይ ንሽግራቱ ዝርዳእን መፍቲሒታት ዝቀረበ እዩ፡

5.ማዕረ ክንደይ ሓባራዊ መረዳእታን ዕግበታትን ኣለዎ፡

6.ማዕረ ክንደይ ንኤርትራን ንኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ዘይምርግጋእ ከፈትሕን ከዋሳእን ዘኽእል ብቕዓት ሓሳብን ግብሪን ኣለዎ፡

7.ማዕረ ክንደይ ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኸርቲ (EEPA) ን ሕብረት-ኤሮጳን ኣመሪካን ዘይፈልጥዎ ጽጹይ ኣፍሉጦን ሓቤሬታታ ተጻይ ደንበ ኤርትራ ከምዘለዎ...ወ.ዘ.ተ ንምምዛኑ ዝሃቀነ እዩ።

እቲ ኾይኑ እዚ እቲ ዋዕላ ንጌለና ትርጉምን ዉጽኢትን ዘለዎ ክመስለና ይኽእል እዩ፡ ንጌሌና ድማ ትርጉም ዘይብሉ ምኻኑ ክፍለጥ ኣለዎ። ጽቡቕ ናይቲ ዋዕላ ድማ እቲ ኣገዳሲ ንኤርትራ ጠቀስ ዛዕባታት ብምዕራባዉያን ስለዝተላዕለ፡ ምዕራባዉያን ድማ ንምዕራባዉያን ብቀዳምነት ስለዝሰምዑን ዝእመኑን ከምዝገብ ዘለዎ ኣገደስቲ ነጥብታት ስለዝተመዝገበ እዩ።

<u>**ዉሳኔታቱ ዋዕላ ቡሩስል ክትግበር ዶ ይኽእል?**</u> ዉሳኔታት ሓደ ዋዕላ ከትግበር ዝኽእል ቕርጻታትን ዉደባን ምስ ዝህሉ ጥራይ እዩ። ስለዚ እዚ ዋዕላ እዚ ከም መኣከቢ ሓቤሬታት፡ መካየዲ ኣፈና መጽንዕታትን ክሊ ዘተን ጥራይ እዩ። ዉሳኔታቱ ድማ ኣብ ወረቀት ዝተወረቐን ኣብ ኣየር ዝተበተነ ቃላት ጥራይ እዩ። ንዉሳኔታቱ ከተግብር ዝኽእል ቅርጻን ዉደባን ዘለዎ ኣይኮነን። በዚ ዋዕላን ዉሳኔ ዋዕላን እዚ ገይረ ዘስማዕክዎ ኣእዛን ዓለምን መንግስታት ዓለም ኣሎ'ኒ ዝብል ሰብ እንተሎ ድማ ሓላሚ ጥራይ እዩ።

ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኸርቲ (EEPA) በቲ ዘካየዶ ዋዕላን ዝገበሮ ወጻኢታትን ድጉማ ክሓተሉ እዩ፡ ነቲ ኣብኡ ዝቀረበ ጽሑፋት ከም መወከሲ ንምርማራዊ ስርሓት ክጥቀመሉ እዩ፡ ከም ንጥፈታት ዘካየደ ድማ ኣብ ናይ ኢንተርነት መርበብ ሓቤሬትኡ ክዝርግሖ እዩ። ካብዚ ንላዕሊ ዝትግበር ቁምነገር ዘለዎ ኣይኮነን። ኣንካይ ዶ ናይ ኤዉሮጳ ናይ ወጻኢ ሜላታት ኣማኸርቲ (EEPA) ዝካየዶ ዋዕላ ዉሳኔስ፡ ዋላ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዘሕሎፎ ዉሳኔታት ሓንሳብ ሓንሳብ ክትግበርን ክስራሓሉን ኣብ ፖለቲካ ዓለምና ዘይክኣል እዩ።

<u>**4.ተሳተፍቲ እዚ ዋዕላ እንታዎት እዮም?**</u>

ከምቲ ባዕላቶም ተሳተፍት ዝገልጽዎ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ጸግዕታት እምነታት ዘለዎምን ኣብ ሲቪካዊ ማሕብረትን ተጣበቕት ሰብኣዊ መሰላት እንተ ብተናጸል እንተ ብዕስለ ዝነጥፉ ኮይኖም ከም ተደራቢ ዕማሞም “”ሓይሊ-ዕማም”” (task force) ጉጅለ ኣቑሞም ኤርትራዊ ሽግራት ኣቃልቦ መታን ክረክብ ንወጻተኛታት (መንግስታት ምዕራብ) ንምምኻርን ንምሕባርን ዝቆሙ ምኻኖም እዮም ዝገልጹ። ኣብዚ ብሓቂ ክንጸር ዘለዎ ጉዳይ ኣሎ። ሙብዛሕትኡ ኣብ ዓለምለኻዊ ኣራዳድኣ ሓይሊ ዕማማ ክባሃል እንኮሎ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ወትሃደራዊ እዚ ንፍሉይ ምኽንያት፡ ስርሓት፡ ዕላማታት...ወ.ዘ.ተ ዝሰራሕ ናይ ዉሑዳት ሰባት ጊዝያዊ ንኡስ ጉጅለ ማለት እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ እዚ ሓይሊ ዕማም ኣብ ትሕቲ ሓደ ወትሃደራዊ እዚ ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ንዝተዋህቦ ዕማም ተግቢሩ፡ ጸብጻባቱ ንላዕለዋይ እዚ ዘማሓላልፍ እዩ።

እዚ ኤርትራዊ ሓይሊ ዕማም እዚ ብኣንጻሩ ቬርገሳዊ ሓይሊ ዕማም ካብ ኮነ ኣነ ምስ ዕማማቱን ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ብምዝማድ ስም ከጠሙቖ እየ። ናይ ምምኻርን ሓባሪ ጉጇለ (lobby or reference Group) ኢለዮ ኣሎኹ። ምኽንያቱ

ኩሉ ንጥፈታቱ ኩነታት ኤርትራ ኣቃልቦ መታን ክረክብ ንሓገግትን ፈጸምትን ኣካላት ምዕራብ ኤዉሮጳ ንምሕባር፡ ንምእማኖምን ንምጽላዉን ስለዝናግጠፍ ስለዝኾነ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን ቅርጻ፡ ሱኑድ ዕላማ፡ ዝተዋሃሀደ ንጥፈታት ዕዮ፡...ወ.ዘ.ተ ኣለዎ ዶ? ንንጥፈታቱ ዝቃጻጸር መካኒዝም ከ ኣለዎ ዶ ወይስ ሓንቲ ማዕጾ ዝኾነ ሰብ ካብኦም ኳሕኲሑ ምስተኸፍተሉ ድድሕሪኡ ከምዚ ዕስለ ኣዛብእ ዝኸዱ እዮም ክምለስ ዝግብኦ ሕቶ እዩ። ኣባላት እዛ ሓይሊ ዕማም ከ ዝተዋሃሃደ መጽናዕትታትን ዝተዋሃሃደ ጽሑፋት ዶ ተቐርብ? ወይስ ነፍስ ወከፍ ፊን ዘቦሎ ዛዕባን ጽሑፉን እዩ ዝጽሕፍን ዘቕርብን? ቡዙሓት ክምለሱ ዝግብኦም ሕቶታት ስለዘለዉ ንጊዚኡ ንመጻኢ ምዕባሌ ክሓድጎ እዮ።

ብመሰረቱ እዚ ዋዕላ 'ዚ ነቲ ብምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ኣስካሕኳሒ ግፍዕን ጭቆናን ዘገልጽ፡ ነቲ ምእንቲ ምርግጋጽ ግዝኣተ ሕጊን ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ቃልሲ ዋላ ብሓንቲ ስድሪ ወይ እመት ዝዕየር ንቐድሚት ፍሕት ዘብል ክሳብ ዝኾነ፡ ብኣውንታዊ ክርኤ ዘለዎ እዩ። እቶም ኣብኡ ዝተሳተፉ ኤርትራዉያን ዜጋታት እዉን ይዕበ ይንኣስ ኣብ መስርሕ ምርግጋጽ ግዝኣተ ሕጊን ዲሞክራስያዊ ለውጢ በብዓቕሞም ክዋስኡ ዝጽንሑን፡ እጃሞም ዘበርክቱ ዘለዉ ዜጋታት ስለዝኾኑ፡ ክድገፍን ክተባባዕን እምበር ክሹነንን ክውገዝን የብሉን እኳ ዝብል መርገጺ እንተሃለወኒ፡ ብቕዓትን ተሰማዕነትን ተሳተፍቲ ክምርምርን ክመዝንን ዉልቃዊ መሰለይ እዩ።

ተሳተፍቲ እቲ ዋዕላ ንሕና ኢና ፈሊጣን እቲ ጉዳይ ብኣና ጥራይ እዩ ብብቕዓት ጉዳይ ኤርትራ ኣብ መጋባእያ ዓለምለኸ ክቀርብ ዝኽእል ዝነበረ ብምባል መሊሶምሉ ስለዘለዉ፡ ኣይፈልኩምን ኤርትራ ምኣስ መኻን ኮይና ጥራይ እየ ክብሎም ዝደሊ፡ ነዚ ኣባሃህላ፡ ዘቕረብዎ መደረን ኣድማዕነት እቲ ዋዕላን ኣብ ግምት ብምእታዉ እየ ድማ ንጽሑፈይ ኦጅጅጅ...!!! ኣቕሓ ኢልናዮስ ኣላዒልናዮ ይብላ ኣዴታት ኤርትራ! ኢለ ዘጠመቕዎ።

ኣብቲ ዋዕላ ካብዝተሳተፉ ኤርትራዉያን ክልተ ሰባት ጥራይ እዮም ኣዝዩ ጉዙፍ ኣካድማዉን ማሕበራዉን ፖሎቲካዊ ክብደታት ዝነበሮም። ቀዳማይ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር እዩ፡ ካልኣይ ድማ ፕሮፌሶር ጋይም እዩ። ኣቶ ወልደሱስ ኣብ ዝሓለፈ ሂወቱ ዝካየዶ ቃልሱን ተሞክርኡን፡ ደረጃ ኣካድምያዊ ዓቕሙን ኣብ ትሕቲኡ ዝምራሕ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ናይ ሰልፍታት መሰረታት ዉደባን ቅርጻን ስለዘለዎ ብርግጽ ክብደታት ኣለዎ። ፕሮፌሶር ጋይም ድማ ኣብ ዝሓለፈ ሂወቱ ዝካየዶ ቃልሱን ተሞክርኡን፡ ደረጃ ኣካድምያዊ ዓቕሙን ኣብ ነዊሕ ዓመታት ንኤርትራ ስደተኛታትን ሕብረተሰብን ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ምርምራትን መጽሓፍትን ዝጻሓፈ ፈሊጥ ብምኻኑ ናይብሓቂ ክብደታት ኣለዎ እዩ። ኣብ ህዝቢ ቀሪቦም ድማ ክስሙዑን ከስሙዑን ዝኽእሉ ምኻኖም ዘጣራጥር ኣይኮነን። እቶም ዝተረፉ ኣይተማህሩን ማለት ኣይኮነን ዲግሪታት የብሎምን ማለት ኣይኮነን። ኣይቃለሱን ወይ ኣይተቃለሱን ማለት ኣይኮነን እንታይ ድኣ ዝተወሰነ ማሕበራዊ ፖሎቲካዉን ክብደታት ከምዘለዎም ንምግላጽ ዝዓለመ እዩ።

እቶም ኣባላት ዋዕላ ቡሩስል ንኤርትራዉያን ተሳተፍቲ ኣብቲ ዋዕላ ዝነበሩ፡ በሉ ነዚ ሕጂ ነሕሉፎ ዉሳኔታት ንምትግባሩ ፖሎቲካዉን ህዝባዉን ስርርዓትኩምን ደጋፊ ህዝቡኹምን ኣርእይና እንተዝባሃሉ እዉን፡ ብዘይካ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ካልእ እዚ ዝተዋደደ መሳርዕን፡ መሰረታትን ስዓብትን ኣሎኒ ክብል ዝኽእል ሰብ ኣይነበረን።

**<u>5.መዛዘሚ፡-</u>**

ንዓይ ነዚ ጽሑፍ እዚ ክደርስ ዝደረኸኒ ቀንዲ ድርኺት ንምንታይ በዞም ሰባት እቲ ዋዕላ ተኻይዱ ዘይኮነስ ንተሳታፍነቱ፡ ኣብቲ ዋዕላ ዝቀረበ ትሕዝቶ፡ ኣጋባብ ኣካያይድኡን ድሕሪኡ ዝሳዓበ ጠገለን ስነምግባርን ዘይሓለወ ጽዕዶታትን መመኸነይታትን እዩ። ፖሎቲካዊ ንጥፈታት ካብ ስነምግባርን ገብረገብነት ወጻኢ ብመሰል ተሸፊኑ ክከይድ እንተጀሚሩ፡ ኣዝዩ ተኣፋፊን ዓንዳርን እዩ። ምኽንያቱ ጥቕምታቱ ኣብ ክንዲ ንህዝብን ሃገርን ዝኸዉን ንዉልቀሰባት ስለዝኸዉን እዩ። መሰል ብተናጻል ካብ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ጉቡኣትን ኣዉጺኻ ዝርኤ ኣይኮነን። መሰል ካብዞም ዝሮቛሕክዎም ነጥብታት ብተናጻል ክተዘዉትር ኣብ ትህቕነሉ እዋናት ካብ ጥቕምታቱ ድማ ዕንወታቱ ከመዝን እዩ። መሰለይ እዩ ተባሂሉ ቀጥታዊ ወይ ዉክልናዊ ገጻትን ድፌኢታት ዘይብልካ ብዛዕባ ሃገርን ህዝብን ኣብ ዓለምለኻዊ መጋባእያታት ብዝመስለካ ዉልቓዊ ርእይቶታትካ ክትምድርን ነቲ ሕብረተሰብ ንቱኹልካዊ ምትፍናን ኣእቲኻ ኣብ ግርጭታት ከተእቱ ጉቡእ ስለዘይኮነ እዩ። መሰለይ እዩ ተባሂሉ እዉን ሃገርን ህዝብን ክትሸይጥ ክትልዉጥ ትኽእል ኢኻ ማለቶም ድዩ? ስለዚ ኣብዚ ዝተኻየደ ዋዕላ ቡሩሱል ሩኡይ ጉድለታት ኣብ ዉክልናዊ ተሳታፍነትን፡ ቡዙሑነትን ዝቀረበ ትሕዝቶታት ስለዝነበሮ ክእረም ኣለዎ ባሃላይ እየ። ነዚ ድማ ፈጸምቲ እቲ ጉድለት ጥራይ እዮም ብጉሉጽነትን ክእርሙዎን ነቲ ዝኸይድ ዘሎ ዘይተደልየ ምትፍናናት ደዉ ንክብል ክገብርዎ ዝኽእሉ።

ብጣዕሚ ዘሕዝንን ዘተሓሳስብን ኣጋጣሚታትን ተረኺቦን እዩ። ኣብ 36 ዓመታት ፖሎቲካዊ ቃልሰይን ተሞክሮታተይን ከምዚ ናይ ምምኽኻር ወይ ሓባሪ-መወከሲ ጉጂለ (lobby or reference Group) ኢሉ ንነብሱ ጸዊዕዋ ዘሎ ዝዓለቀ ዝተዋረደን ፖሎቲካዊ ጉጂለ ሬን ሰሚዔን ኣይፈልጥን! ካብቲ ኣብቲ ዋዕላ ዘርኣይዎ ምጅጃዋት፡ ዘይምዉህሃድ፡ ዘይብቕዓት ተዓዘብቲ ወጻእተኛታት እዉን ካይገረሞም ኣይተረፈን። ንሳቶም ዘልዕልዎ ሕቶ ሕቶ ዲሞክራስን ሕቶ ስብኣዊ መሰላት ካብ ኮነ፡ ሕቶ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላት ድማ ኣብ ስነ-ሓሳብ ህዝብን ሃገርን (Nation-stae) ንህላወ ወይ ትንፋስ ሓቐኛ ዲሞክራሲ መሰረቱ ስለዝኾነ፡ ካብ ሃገራዉነትን ህዝባዉነትን ተነጺልካ ዝራጋገጽ ዲሞክራሲ ድማ

የሎን። ነዚ ሓቅታት እዚ ዝፈልጡ ኤዉሮጳዉያን ድምጺ ሃገራዉነቶምን ህዝባዉነቶምን ምትሓቱን ካብ ቀንዲ ረብሓታት ሃገርን ህዝብን ዘይምንቃለም ዝተዓዘቡ ከመይ ክዒቦሞም ይኾኑ? በዚ ኮይኑ በቲ እቶም ዓደምቲ እቲ ዋዕላ ዝኾኑ EEPA እዉን ጹቡቕ ገይሩ መዚንዎም ኣሎ። ከም መወከሲ ዝጥቀመሎም ነይሩ እንተኾይኑ እዉን ዉክልናዊን ተሰማዕነታዊ ሽነኻቶም ፈሊጡ ስለዘሎ፡ ድሕሪ ሕጂ ከም መወከሲ ወይ ከም ቀሌቤት ኣብ መንጉኡን ኣብ መንጎ ተቃዉሞ ኤርትራ ክጥቀመሎም ድዩ ኣይኮነን ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣተወ ጉዳይ እዩ። ካብ ኩሉ ዝኾነ ኤዉሮጳዊ ልዕሊ ዝኾነ ፉጡር ኣብ ዓለምና ሓሳዉን መዳናገርን ተንኮለኛን ከንሱ፡ ሓንሳብ ከተታሉሎን ክትሕስዎን እንተረኺብካ ድሕሪኡ ሚዛንካ ኣብ ቕድሚኡ ባይታ ዝዘበጠ እዩ። እቲ ልዕሊ ኩሉ ዘሕዝን ግን ጉድለታት ከም ዘሎ እንዳታፈልጠ ክንሱን፡ ምኣስ ንሕና መልኣኽቲ ኬና እንዳተባህለ ከንሱ ነቲ ዝተራእየ ጉድለታት ክትእረመሉ ኣብ ክንድምፍታን ኣብ ፍጹም ምክልኻል ምእታዉን ጠባያት ዓሎቕትን ተረርት ልቢ እዩ። ብዝኾነ ትኣምር ተረርት ልቢን ዓሎቕትን ድማ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ከራጋግጹ ኣብ ፖሎቲካ ዓለም ኣይተራእየን ኣይተሰምዔን። ካብዚ ክዉንነት ጉዳይ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ዳግም ኣብ ጉጉይ ኣእዳዉ ካይወድቕ ድማ ጥንቃቄታት ከድሊ ምኻኑ እቲ ተረኺቦታት ኣገንዚብኒ ኣሎ። ተስፋ ይገብር ድማ ህዝቢ ተገንዚብዎ ክኸዉን።

ብኣንጻር እዚ ኣብቲ ዋዕላ ኣድማዒ ስራሓት ስለዝተኻየደ ክንነቕፎም የብልናን ዝብል ርእይቶታት ኣሎ። እዚ ርእይቶ እዚ ካብ ክልተ ጫፍ ፈሊጋት ዝነቐለ እዩ። ቀዳማይ፡ ካብ የዋህነትን ሰናይ ድሌትን ዝነቀለ ኮይኑ፡ እንቃዕ ድኣ ጉዳይና ኣብ መጋባእያታት ዓለም ኣቕረብዎ እንበር መንነቶም ዉሽጣዊ ኣታሓሳስባቶምን ዝተጠቕምሉ ሜላታት ኣገዳሲ ኣይኮነን ዝብሉ እዮም። ካልኣይ፡ ድማ ብመራሕቶም ወይ ብወከልቶም ኣብቲ ዋዕላ ተወኪሎም ሱታፌ ስለዝነበሮም ነቲ ዝተራእየ ናይ ረብሓ ግርጭታትን ገለልትነትን ከምኻኑዩሉን ቁኑዕ ከምዝነበረ ከእሙኑ ዝፍቱኑ እዮም። እዞም ክልተ ተጻረርት ኣራእያታት ዝዉሕጥዎ ሓቕታት ግን ኣሎ፡ ንሱ ድማ ንኹሉ ዝወከለን ዘሳተፈን እንተዝኸዉን ዝሓሸ ነይሩ ዝብል እዩ። ብመሰረቱ ግን ሓደ ተረኺቦ ኣጋጢሙ ዋላዉን እቲ ተረኺቦ ዓወታት የመዝግብ ጉድለታቱ ክእረም የብሉን ማለት ኣይኮነን። ብዘመዝገቦ ዓወታት ክምስገን ይግባእ፡ ብዝፈጸሞ ጉድለታት ድማ ክንቐፍ እዩ ዝግባእ። ብቀንዱ ግን ዘመዝገቦ ዝኾነ ይኹን ግብራዊ ዓወታት ስለዘየለ፡ ብዘይካ ኣሉታ ኣዉንታ ዘለዎ ኣይኮነን።

ወድሓንኩም!

መርዕድ ዘርኡ

18/11/2009

መወከሲታትን ካብቲ ብዛዕባ ዋዕላ ቡሩሱል ገለ ዝተጻሕፈን ዝተባህለን ርእይቶታት፡-

1፡http://assenna.com/index.php/english/focus/2123-with-us-or-against-us-doesnt-work-for-journalists

2፡http://www.awate.com/portal/content/view/5381/11/

3፡ http://www.awate.com/portal/content/view/5383/3/

4፡http://www.nharnet.com/November_2009/T_Article_%20Waela%20brussels%20bmenxr%20TQm_TT_Novenber1909i.pdf

5፡http://www.awate.com/portal/content/view/5374/5/

6፡http://www.awate.com/portal/content/view/5361/5/

7፡http://assenna.com/index.php/english/focus/2096-simple-truths-of-the-brussels-conference-